ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
مكتب الإعلام والثقافة

Eritrean National Council for Democratic Change
Information and Cultural office
mediaencdc61@gmail.com

# ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
# ኣብ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት - ጀነቫ ተሳቲፉ

ወ/ሪት ሓናን መሓመድ ሳልሕ፣ ኣባል ፈጻሚ ቤ/ጽ ኤ/ሃ/ባ/ዲ/ለ፣ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ወኪላ ኣብ'ቲ ካብ ዕለት 24 ሰነ ክሳብ 12 ሓምለ ዝካየድ ዘሎ መበል 41 ዞር ምዱብ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ተሳቲፋ።

ብዕለት 2 ሓምለ፣ ተቖጻጻሪት ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዳንኢላ ክራፍተር ብዅነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪታ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣቕሪባ። ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተፈጥረ ናይ ሰላም ኩነታት ብዘየገድስ፣ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ኣወንታዊ ለውጥታት ከም ዘይተረጋገጸ ኣመልኪቱ። ሕብረት ኤውሮጳ፣ ኣብ ኤርትራ ካብ 2011 ዝቕጽል ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ተሪር ነቐፌታ ኣቕሪቡ። ወከልቲ 30 ሃገራት፣ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝሓዘለ ጸብጻብ ዳንኢላ ክራፍተር ክድግፉ ከለዉ፣ ገለ ሃገራት ግን፣ ከም ሱዳንን፣ ኲባን፣ ቨንዘወላን፣ ራሻን፣ ቻይናን፣ መርገጽ ስርዓት ህግደፍ ከም ዝደገፉ ተፈሊጡ።



ወ/ሪት ሓናን መሓመድ ሳልሕ ኣብ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ምስ ዝተረኸቡ ወከልቲ ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ዘይመንግስታዊ ማሕበራትን ርኽክባት ብምኽያድ ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘብርህ ብኤ/ሃ/ባ/ዲ/ለ ዝተዳለወ መዘክር ዘርጊሓ። ንገለ ወከልቲ ሃገራት ድማ እቲ መዘክር ብኢመይል ልኢኻ። ካብ'ቶም ዝተራኸበቶም ወከልቲ፣ ልኡኻት ኩወይትን፣ ቐጠርን፣ ኢማራት ዓረብን፣ ፈረንሳይን፣ ከንያን ኢትዮጵያን ከም ዝርከብዎም ተፈሊጡ። ብተወሳኺ ምስ ወከልቲ ኤርትራዊ ማሕበራትን ኣብ መዳይ ሰብኣዊ መሰላት ዝነጥፉ ኤርትራውያን ውልቀሰባትን ከም ዝተረኸበት'ውን እቲ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ኣባል ፈጻሚ ቤ/ጽ ኤ/ሃ/ባ/ዲ/ለ ወ/ሪት ሓናን መሓመድ ሳልሕ፣ ብውጽኢት መበል 41 ዞር ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ዕግበቲ ምኺና ብምግላጽ፣ ነቶም ብዛዕባ'ቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ቀጻሊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቶም፣ ንዝተፈላለዩ ጉዳይ ዝምልከቶም ወገናት፣ ጽዑይ ጸብጻባት ኣብ ምቕራብ፣ ልሉይ ጻዕርታት ዘካየዱ ንጡፋት ኤርትራውያን ክብ ዝበለ መጎስ ይግበኦም ኢዩ ክትብል ገሊጻ። ከምኡ'ውን ነቶም ልኡኽ ኤ/ሃ/ባ/ዲ/ለ ዕማማቶ ብግቡእ ንምኽያድ ዝተሓባበሩ ሃገራውያን ፍሉይ ምስጋና ኣቕሪባ።

ቤ/ጽ ዜናን ባህልን
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
3 ሓምለ 2019